ሃገራዊ ትካል ህዝባዊ ጥዕናን ኣከባብን
ሚኒስትሪ ጥዕና፡ ሰብኣዊ-ድሕነትን
ስፖርትን

ፖስታ ዝለኣኸሉ ኣድራሻ፦ RIVM-DVP South, PO BOX 4151, 5604 ED EINDHOVEN

ናብ ወለዲ/ኣለይቲ ናይ፦

ቍጽሪ ዜጋዊ ኣገልግሎት፦

"

ዕለት፦ XXX 2023
ጉዳይ፦ ክታበት ንውላድኩም

ጥብቆታት፦
- ካርድ(ታት) ክታበት
- ደቂ-ኣርባዕተ-ዓመት ህጻናት ንዝወስድዎም ክታበታት ዝምልከት በራሪ ጽሑፍ

ዝኸበርኩም ወለዲ/ኣለይቲ፡

ውላድኩም ራብዓይ ዓመት ዕድሚኣ ምስመልአት ወይ ኣብ’ቲ ቅንያት እቲ፡ ናይ DTaP-IPV ትሕቶ ዘለዎ ክታበት ክወሃባ እዩ። እዚ ክታበት እዚ ንውላድኩም ካብ ሕማማት ውሽጣዊ ረኽሲ ጐረሮ፡ ዓሚቝ ሑእታ (ፐርቱሲስ)፡ ቴታኑስን ፖልዮን ዝከላኸለላ እዩ። ብዛዕባ’ዚ ኣብ’ቲ ምስ’ዚ ደብዳቤ እዚ ተታሓሒዙ ተላኢኹልኩም ዘሎ በራሪ ጽሑፍ ተወሳኺ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

**ኣበይን መዓስን?**
ናብ ክሊኒክ ዌል-በይቢ ምስመጻእኩም፡ ንውላድኩም እዞም ክታበታት እዚኣቶም ክወሃብዋ እዮም። ትካል ኣገልግሎት ጥዕና መንእሰያት ቈጸራ ክሕዘልኩም እዩ። ናይ ውላድኩም ካርድ ክታበት ተማሊእኩም ናብ ቦታ ቈጸራ ምጹ። ኣብ’ዛ ሰታሪት እዚኣ ኣለኩም። ንወረቐት-ምስክርን ክታበት ናይ ውላድኩም እውን ተማልእዎ።
ውላድኩም ንብሙሉኣቶም እዞም ክታበታት እዚኣቶም ክሳብ ሕጂ እንተዘይወሲዳቶም፡ ኣብ’ዛ ሰታሪት እዚኣ ተደራቢ ካርድ ክጸንሓኩም እዩ።

**ክታበት ንምንታይ ኣድለየ?**
ሃገራዊ መደብ ክታበት፡ ንህጻናት ካብ 12 ዓይነት ከበድቲ ተማሓላለፍቲ ሕማማት ዝከላኸሉሎም ክታበታት ይህብ። ነዚ ዕማም እዚ ን 65 ዓመታት ከነሰላስሎ ጸኒሕና ስለዘለና፥ እዞም ሕማማት እዚኣቶም ዳርጋ ሙሉእ-ብሙሉእ ጠፊኦም እዮም። ነዞም ሕማማት እዚኣቶም ብዝምልከት፡ ኣብ’ዚ በራሪ ጽሑፍ እዚ ተወሳኺ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

**ንተሓከምቲ ዘገልግል ሓበሬታ ዝሓዘ በራሪ ጽሑፍ**
እዞም ክታበታት ብጥንቃቐ እተፈተኑ እዮም። ውሑሳት እዮም። ንደቅኹም፡ ከም ትሑት መጠን ኣካላዊ ረስኒ ዝኣመሰለ ጐድናዊ ሳዕቤን ክረኣዮም ተኽእሎ ኣሎ። ብዛዕባ ትሕዝቶ ክታበት DTaP-IPV ክትፈልጡ ድልየት ኣለኩም ዶ? ነዚ ንተሓከምቲ ዘገልግል ሓበሬታ ዝሓዘ በራሪ ጽሑፍ ኣንብብዎ። ነዞም በረርቲ ጽሑፋት ኣብ’ዚ ገጽ እዚ ክትረኽብዎም ትኽእሉ ኢኹም፦ rijksvaccinatieprogramma.nl/bijsluiters።

**ዝኾነ ይኹን ሕቶ ዶ ኣለኩም?**
ናብ rijksvaccinatieprogramma.nl እተዉ፡
ናብ thuisarts.nl እተዉ፡
ወይ ድማ ኣብ ክሊኒክ ዌል-በይቢ ንእትሰርሕ ነርስ ወይ ንዶክተር ኣዘራርቡ።

ምስ ኣኽብሮት፡



ዶ/ር የኣን-ማሪ ሃመንት

µQQQQXT$ □¶
000000007038664

7038664 - - 01/02